## SOS Childrens'Village HRP Project ኣብ 2017 በጀት ዓመት ናይ ወረቀት መራብሒ መሽን ንዝተፈላለዩ ናይ ትካልና ሰራሕቲ ዘገልግሉ ብብርኪ ክልል ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ታሕሳስ 8, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 17, 2017 08:00 ደ/ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:120,000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓሙስ ታሕሳስ 17, 2017 08:30 ደ/ሰዓት
መደብ: ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ቁፅሪ: አስተ-12-03/17

ዕለት: 08/04/2017 ዓ/ም

ምልክታ ጨረታ ቁፅሪ 06/2017

SOS Childrens'Village HRP Project ኣብ 2017 በጀት ዓመት ናይ ወረቀት መራብሒ መሽን ንዝተፈላለዩ ናይ ትካልና ሰራሕቲ ዘገልግሉ ብብርኪ ክልል ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ ተጫረቲ ከማልእዎ

ዝግባእ ረቛሕታት እንተነኣሰ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ናይ ተጫረቲ መምርሒ ክተማልኡ ይግባእ።

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘይሃሰሰ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ TIN _ ሰርተፊኬት ዘይሃሰሰ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፡ ንተወሳኺ እሴት ታክሲ /VAT/ ዝተመዝገበ ኮይኑ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ 2016 ዓ.ም ዣት ድክላሬሽን ዘይሃሰሰ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ዘይሃሰሰ ሓደ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ብተጫርቲ ዝቕርቡ ሰነዳት ህጋዊ ማህተምን ፊርማን ዝአረፎም ክኾኑ ይግባአ

5. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ኣብ ዉሽጢ 7' ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕል ኣሲሩ ብዉዕሉ መሰረት አብቲ በጀት አመት ዝጥየቁ እብቲ ዝርዝር ዝተቀመጠ ናይ ወረቀት መራብሒ መሽን ናብ ቤት ዕዮና ንብረት ኣታዊ ክገብር ዝኽእል፡

6. ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ካብ ቤት ዕዮና ካብ ዕለት 08/04/2017 ዓ/ም ክሳብ 17/04/2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ

ብምውሳድ ክትወዳደሩ ትኽእሉ፡

7. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ 120,000.00 ቅርሺ ብሽም SOS Childrens 'Village ብCPO ናብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ዝተዳለወ ናይ ቤት ዕዮና ናይ ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፡

8. ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስ ተረጋገፀ ጥራሕ ክፍሊት ዝፍፀም ይኸውን።

9. እቲ ጨረታ ዕለት 17/04/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 8:00 ድ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 8:30 ድ/ሰዓት ኣብ ቤት ዕዮና ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

10. ቤት ዕዮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋልና ስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

11. እቲ ጨረታ ምስ ተከፈተ ቤት ዕዮና ናይቲ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቕንስ ክውስኽ ይክእል እዩ።

12. ዝሰዓረ ተጫራታይ ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት እቶም ንብረታት ክቕርብ ዝኽእል

13. ዝዕድግ ዝርዝር ንብረትን መምሎኢ ዋጋ ከምዝዕብ ቀሪቡ ኣሎ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle